# ፈስቲቫል ኤርትራ 2001 ሚላኖ ኢጣልያ ተኸፊቱ።

-----------0---------

ፈስቲቫል ኤርትራ 2001 ሚላኖ ኢጣልያ ትማሊ ምሸት 29 ሰነ ብወግዒ ከምዝተኸፍተ ኣብቲ ፈስቲቫል ዝሳተፍ ዘሎ ልኡኽ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ሓቢሩ።።

ነቲ ፈስቲቫል ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ወይዘሮ ኣስካሉ መንቀርዮስ ብወግዒ ድሕሪ ምኽፋት፣ ተሳተፍቲ ብሚኒስትሪ ዜና ዝተዳለወ ንሕሉፍን መጻእን ኤርትራ ዘንጸባርቕ “ብዓይነይ ዝተሰነየ” ከምኡ እውን ንንጥፈታት ሚኒስትሪታት መንግስቲ ኤርትራ ዝገልጽ ስእላዊ ምርኢት ተዓዚቦም።

ኣብ ኢጣልያ ተወሊዶም ዝዓብዩ ዘለዉ መንእሰያት ቦለኛ ድማ ንብሄራት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ድሙቕ ባህላዊ ምርኢትን መዛሙርን ኣቕሪቦም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፈስቲቫል ኣቶ ታደሰ ኣስጎዶም፣ ንዕዱማት ኣጋሽን ኤርትራውያን ዜጋታት ነበርቲ ኢጣልያን እንቋዕ ደሓን መጻኹም ድሕሪ ምባል፣ “እዚ ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ ኣብ ትሕቲ ዝብል ባህጊ ልብና ዘጉልሕ ቴማ ነብዕሎ ዘሎና ፈስቲቫልና፣ በቲ ነዚ ቴማ እዚ ክዉን ክግበር ወትሩ ብልዑል ፍቕሪ ሃገር ዘወፈየ ህዝብና እናተሓበና ኢና ንምርቓ ዘሎና” ኢሉ።

ንሱ ኣስዒቡ፣ ፈስቲቫልና፣ ሃገራዊ ፍቕርና ንምዕማቕ፣ ሃገራዊ ሓርነትና ንምዕ ቃብ፣ ያታናን ባህልናን ንምዕንባብ ብኡኡ ድማ መንነትና ንምጉላሕ ዓመት ዓመት ብኽብሪ ነብዕሎ ሃገራዊ ኣውደ ኣመት ኮይኑ ምቕጻሉ ናይቲ ንምዕዋት ንኽተሎ ዘሎና ጻዕሪ ምኳኑ ሓቢሩ።

ኣብ ልዕሌና ኣንጠልጢሉ ዝነበረ ናይ መዓት ደበና ኣጽሒና ልኣላውነትናን ሃገርናን ኣውሒስና ኣብ ዝሓሸ ሰላማዊ ርግኣት ግን ከኣ ኣብ ከቢድ ናይ ዳግመ ህንጻ መኸተ እንኣትወሉ ዘሎና ሓድሽ ዓውደ ኣዋርሕ ብምኳኑ ክንኮርዓሉን ክንሕበነሉን ዝግባእ ኣጋጣሚ እዩ ድሕሪ ምባል፣ ንኹሎም ነዚ ፈስቲቫል ዕዉት ንኽኸውን ብተወፋይነት ዝሰርሑ ኣሰናዳእትን ደገፍትን ኤርትራውያን ከምኡ ኣውን ኢጣልያውያንን መሓዙት ኤርትራ ሞጉሱ።

ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ መደብ፣ ትማሊ ምሸት ርክብ ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ምምሕዳራዊ ትካላት ኢጣልያን ከምኡ እውን ቁጠባዊ ምዕባለን መጻኢ ተስፋታት ኤርትራ ሌላ ምስ ኢጣልያዊ ብሮንካርሊ ዝተደርሰት መጽሓፍ መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራን ባህላዊ ምርኢትን ቀሪቡ።

ሎሚ ድማ ሚኒስተር ኣስካሉ መንቀርዮስ ንህሉው ኩነታት ሃገርና ብዝምልከት ሰፊሕ ሰሚናር ከተቕርብ እያ።

ነቲ ፈስቲቫል ካብ ፈረንሰ፣ ቦለኛ፣ ባሪ፣ ናፖሊ፣ ቶሪኖ፣ ኣለርሞ፣ በርጋም፣ ሮማን ካልኦት ከባቢ ሚላኖ ዝርከባ ከተማታትን ብነፈርቲ፣ ባቡርን መካይንን ዝተጓዕዙ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያንን ኢጣላያውያን ፈተውቲ ኤርትራን ይሳተፍዎ ኣለዉ።

ፈስቲቫል ሚላኖ ኢጣልያ ክሳብ ሓደ ሓምለ ክጸንሕ እዩ።

*******ኣ.ዜ.ኤ*******